# ኣበይ'ዩ እቲ ጌጋ፡ ፖለቲካ ከም ዓውዲ ወይስ ኣብ ፖለቲካ ዘሎ ዝተዛበዐ ርድኢት?

ገለ ብግፍዓዊ ተግባራት ዘቤታዊ መግዛእቲ ዝተማረሩ ኤርትራውያን ተወዲቦም ብምቅላስ ነቲ ጨቋኒ ኣብ ክንዲ ዝኣልዩ፡ ከላእ ፖለቲካ ሕማቕ'ዩ፡ ሓሶት'ዩ፡ ናይ ምትንኳልን ምቅታልን'ዩ፡ ኣብ ፖለቲካ ካብ ምእታው ርእስኻ ኣድኒንካ ጉዳይ እንጀራኻ ምግባር ይሓይሽ ክብሉ ይስምዑ። እሞ መን'ዩ ሕማቕ? ዓውደ ፖለቲካ ከም ዓውዲ ወይስ ገዛእ ርእሶም ኣብ ፖለቲካ ዘለዎም ግጉይ ርድኢት?

ፖለቲካ ሰባት ከመይ ከምዘፍር'ዩ? ከመይ ከም ዝከፋፈሉ? ከመይ ከም ዝመሓደሩ? ከመይ ከም ዝነባበሩ? ከመይ ከም ዝዳነዩ? ኣንፈት ዘነጽር ዝመርሕ ስነ-ፍልጠት'ዩ። ፖለቲካ ሕማቕ፡ ሓሶት፡ ተልእኾኡ ምትንኧልን ምቅትታልን ኣይኮነን። ፖለቲካ መተካእታ ዘይብሉ ሜላ ምሕደራ'ዩ። ዓለም ብፖለቲካ'ያ ትምራሕ። ሃገራት ኣውራጃዊ ምምሕዳራት ብፖለቲካ'የን ዝቖማ ዝምረሓ። ሚኒስትሪታት፡ ኮሚሽናት፡ እንኮላይ ሕጊ ፖለቲካ ብዘይወጸኦ መደባት'ዮም ዝምስረቱ። ፖለቲካ ብዝህቦም ኣንፈት'ዮም ዝምርሑ። ተጸዋዕነቶም ከኣ ናብኡ'ዩ። ኣብ'ዛ ዓለም ሰባት ብልክዕ ይረደኣና ኣይረደኣና፡ ንድለዮ ኣይንድለዮ፡ ብቕጥታ ድዩ ብተዘዋዋሪ ካብ ፖለቲካ ተነጺልና ክነብር ኣይንኽእልን።

ፖለቲካ ሕማቕ'ዩ፡ ሓሶት'ዩ፡ ናይ ምድማይ'ዩ ኢልና ክንርሕቀሉ ወይ ብማዕዶ ክንወቅስ ዘይኮነ፡ ብመንን ብኸመይን ንግዛእ ኣለና ብንቕሓት ክንፈልጥ፡ ንዘይውክለና ዘጋፈዐና ተወዲብና ብምቅላስ ኣሊና፡ ዝውክለና መሪጽና ክንምራሕ'ዩ ዘለና። መተካእታ ከየቕረብካ ንፖለቲካ ብሓሶት ምውቃስ፡ ነብስኻ ካብኡ ከተግልል ምፍታን ልክዕ ኣይኮነን። ኣይቅቡልን ኣይከኣልን ድማ። እቶም ንፖለቲካ ከም ፖለቲካ ዝወቕሱ ሰባት መበገሲኦም፡ ፖለቲካዊ እንዶ ዘይብሎም በሃማት፣ መሲሎም ሓደርቲ ተበለጽቲ፣ ልኡኻት እንኮ-ሰባዊ ዘቤታዊ ገዛኢ፣ ተስፋ ዝቐረጹን ክኾኑ ይኽእሉ። ዘሕልፍዎ መልእኽቲ ግን ሓደ'ዩ። ዜጋታት ንመሰሎም ከይቃለሱ፡ ካብ ፖለቲካ ክርሕቁ ንዘይውክሎም መንግስቲ ኣሜን ኢሎም ክግዝኡ ዝገብር'ዩ።

እዞም ወቐስቲ፡ ይወቕሱ'ምበር፡ ህዝቢ 'ሞ ብኸመይ ይመሓደር ንዝብል መሰረታዊ ሕቶ ዘእምን መልሲ ኣየቕርቡን። ሃገር ትቖመሉ ቅርጻ፡ ህዝቢ ዝምረሓሉ ቅዋም፡ መንግስቲ ዘቑሙ ኣብያተ ጽሕፈት ሚኒትሪታት፡ ካብ ፖለቲካዊ መሪሕነትን ፖለቲካ ኣንፈትን ወጻኢ ክስራዕ ክጣየስ ይኽእል'ዩ ኢሎም ዘቕርብዎ ኣማራጺ የለን። ካብ ዝኾነ ኩርናዕ ይበገስ፡ መተካእታ ከይሓዝካ ብዓይኒ ዕሙት ፖለቲካ ሕማቕ'ዩ ሓሶት'ዩ እናበልካ ምንቃፍ ንሰባት ከተደናገር ምሕላን ሓላፍነታዊ ኣይኮነን።

ንሕና ሰባት ስለ ዝኾና ህዝቢ ስለ ዝኾና ናይ ግድን'ዩ ፖለቲካዊ ምሕደራ ዘድልየና። ከም እንስሳ ብደመ ነፍስ ክንከይድ ኣይንኽእልን። እንታይ ዓይነት ፖለቲካዊ ፍልስፍና'ዩ ምሳና ዝሰማማዕ፣ ሰላም ደሞክራሲ ዘውሕስ፣ ውሽጣዊ ሓድነት ዘረጋግጽ፣ ልኡላውነት ህዝቢ ብኣረኣእያ፡ ብሕግን ብተግባርን ክውን ዝገብር፣ ካብ ድሕረትን ድኽነትን ዘውጽእ፣ ልምዓትን ዕቤትን ዘምጽእ ክንመረጽ ደኣዩ ዘለና 'ምበር፡ ብሰሪ ባዕላዊ ፖለቲካዊ ሕመቕና ኣብ ትሕቲ እንኮ-ሰባዊ ስርዓት ብምውዳቕና ካብ ፖለቲካ ነብስና ከነግልል ኣይግባእን። እንተተሓሰበ'ውን ኣይከኣልን።

እዞም ብዘይ ዝኾነ መተካእታ ፖለቲካ ሕማቕ'ዩ፡ ሓሶት'ዩ ዝጉስጉሱ ሰባት ካበይ ይብገሱ ገለ ግምታዊ ኣብነታት እስከ ንርአ፡- ምናልባት፡ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ንመራሕ ዝብል ግጉይ ርድኢት'ዶ ይልዎም ይኸውን? ተልእኾ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሰብን መሬትን ኣራኺብካ፡ ሚዛን ተፈጥሮ ዓቂብካ እንጀራ ምምጻእ'ዩ። ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ንመራሕ ዝብል የዋህ ርድኢት'ዶ ይልዎም ይኸውን? ተልእኾ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንህጻናትን መንእሰያትን ቀላማውን ሞያውን ትምህርቲ ወኒኖም ክወጽኡ ምግባር'ዩ። ብሚኒስትሪ ጥዕና ክንምራሕ ንኽእል ኢና ዝብል መበገሲ'ዶ ይህልዎም ይኸውን? ተልእኾ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ዜጋታት ብሕማም ከይጥቅዑ ኣቐዲምካ ምክልኻል፡ እንተተጠቒዖም ከኣ ሓኪምካ ምድሓን'ዩ። ካልኦት ኣብያተ ጽሕፈት ሚኒስትሪታት ኩሎም ነናቶም ውሱን ዕማም ዘለዎም'ዮም። እዚኦም ኩሎም ድማ ብፖለቲካ'ዮም ዝምርሑ።

እሞ ፖለቲካ ሕማቕን ሓሶትን ስለዝኾነ፡ ብሃይማኖት ንመራሕ'ዶ ይኸውን ምርጫኣም? ኣብ ሕብረ ብሄራዊት፣ ሕብረ ሃይማኖታዊት፡ ሕብረ ባህላዊት ሃገር ብሃይማኖታዊ መንግስቲ ክትምራሕ ብመትከል ቅቡል ኣይኮነን። ብተግባር ሰላም ኣየስፍንን። ስኒት ኣየረጋግጽን።

ንህዝቢ፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቅዋም ተኺልካ፡ ቅኑዕ ፖለቲካዊ ኣንፈት ተኸቲልካ ካብ ምኻድ ወጻኢ፡ ካልእ ዝሓሸ ምምሕደራዊ ሜላ ስለ ዘየለ፡ ንፖለቲካ ዝወቕሱ ወገናት፡ ግጉይ ርድኢቶም ኣሪሞም ገዛእ ርእሶም ክወቕሱ ይግባእ። ሎሚ ኣንጻር ዘቤታዊ ጸላኢ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ፡ ኣብ ሰላማውን ደሞክራስያውን ሃዋህው ዝሰፈኖ ኩነታት ዝካየድ፡ ነዓይ ምረጹ ውድድር ፖለቲካዊ ውድባት ኣይኮነን። ከም ህዝቢ ብሰላሕታ ንጠፍእ ስለ ዘለና፡ ከም ህዝቢ ካብ ብርሰት ንምሓድ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ሓርነታዊ ፖለቲካ ቃልሲ'ዩ።

ብርግጽ፡ ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ ካብ ነዊሕ ሒዘናኦ ምስ ዝመጻ ዘይንጹርን ዘይህዝባውን ኣረኣእያ፡መን ኣብ ወሳኒ ናይ ስልጣን ርኻብ ደየበ ድሑር ውድድር፡ ዘይጻሒ ደማዊ ግርጭት፡ ንተሳተፎ ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ንመንእሰያት ከኣ ብፍላይ ዘተባብዕ ኣይኮነን። ትዕግስትኻ ዝፈታተን'ዩ። ኣብ መድረኽ ብረታዊ ቃልሲ ንሓደ ሃገራዊ ውድብ ኣብ ክልተ ዝገምዐ፡ ደማዊ ኩናት ሕድሕድ ክውላዕ ምኽንያት ዝኾነ፡ ናይ ውልቀ ሰባት ሕቶ ፖለቲካዊ ስልጣን 'ምበር ቅቡል ናይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ፍልልይ ዝወለዶ ደርባዊ ፍሕፍሕ ኣይነበረን። እቶም ዝተፈላለዩ ዝተዳማዩ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ሓደ ውድብ፣ ሓደ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡ ሓደ ፖለቲካዊ መሪሕነት፡ ሓደ ኣሰራርሓ ፈጢሮም ብሓባር ከይቃለሱ ዝዓግት ጭቡጥ ምኽንያት ኣይነበረን።

እዚ ግጉይን ኣዕናውን ኣካይዳ'ዚ ካብ ትማሊ ክሳብ ሎሚ ብዘይምእራሙ ሞራል ይጎድእ'ዩ። ይኹን ግን፡ ካብ'ቲ ህይወት ዝኸፈለሉ ዘሎ ናይ ህልውና ቃልሲ ነብስኻ ኣግሊልካ ንፖለቲካን ዘይስገር ኣድላይነቱ ምውቃስ፡ ኣብ እንዳክሽነ ኣቲኻ ከይሰራሕካን ኣብኡ ዘሎ ክብደት ስራሕን ሃልክን ኣብ ግምት ከየእተኻን፡ መኣዲ ምስ ቀረባ ኢድካ ተሓጺብካ፡ ጸብሒ ኣይጠዓመን፡ ጣይታ መጺጹ፡ ቅጫ ሓሪሩ እናበልካ ምስ ምምራር ዝመሳሰል ውዱቕ ኣተሓሳስባ'ዩ።

ፖለቲካ ሕማቕን ሓሶትን እንተዝኸውን ደኣ፡ ስለምንታይ ኣብ'ተን ዝማዕበላ ደሞክራስያውን ሃገራት ማእከል ግርጭት ዘይከውን? ንዓታቶም ብሰላምን ስኒትን ዘንብሮም ቅኑዕ ሜላ ምሕደራ ኮይኑ እናሃለወ፡ ስለምንታይ ኣባና ፖለቲካ ሕማቕ'ዩ ሓሶት'ዩ ይበሃል። ምኽንያቱ ፖለቲካ ከም ዓውዲ ሓሶት እንተደኣ ኮይኑ ኣብ ኩሉ'ዩ ሕማቕን ሓሶትን ክኸውን ዘለዎ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ መንን ክልተ ዓበይቲ ሰልፍታት፡ ኣቓልቦ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ዝሰሓበ ሓይል ናይ ምረጹኒ ውድድር ተኻይዱ። ዕለተ መረጻ ኣኺሉ ህዝቢ ብነጻነት መሪጹ። ሰዓርን ተሰዓርን ተነጺሩ። ክተሃራረሙ ግን ኣይተዓዘብናን። ዝተሳዕረ ንዝሰዓረ እንቋዕ ሓጎሰካ ኢልዎ። ምስግጋር ፖለቲካዊ ስልጣን ብሰላም ክፍጸም ከኣ ርኢና። ፖለቲካዊ ማለት እዝን ከምዝን'ዩ። ስለዚ ከኣ ፖለቲካ ብፍሉይ ኣብ ኤርትራ ሕማቕን ሓሶትን ዝኾነሉ ምኽንያት የለን። ሕማቕን ሓሶትን ዘምስሎ ፖለቲካዊ ድኽነት፡ ተበጽቲ ውልቀ ሰባትን ጉጅለታትን ዝኽተልዎን ዝነዝሕዎን ግጉይ ትርጉምን 'ዩ።

ንኣብነት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንሃገራዊ ነጻነትን ህዝባዊ ሓርነትን ብታሪኻዊ፡ ሕጋዊ ፖለቲካዊ ሸነኹ ቅኑዕ'ዩ። ፍትሓዊ ህዝባዊ ሕቶ'ዩ። ብመንጽር ፍትሓውነቱን ዝተኸፍሎ ዋጋን ክረአ እንከሎ ግን ዛጊት ብምልኣት ኣይተዓወተን። ግዳማዊ መግዛእቲ ተባሪሩ፡ ዘቤታዊ መግዛእቲ'ዩ ተተኺሉ። ኣብ ትሕቲ ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ ዘይኮነ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ምልኪ እንኮ-ሰብ'ዩ ወዲቑ። እዚ ፖለቲካዊ ሕማቕን ሓሶትን ምኳኑ ዘይኮነ ባዕላዊ ፖለቲካዊ ውድቀትና'ዩ ዘርኢ። ስለዚ መን'ዩ ሕማቕ፡ ፖለቲካ ከም ውዓዲ ወይስ ኣብ ፖለቲካ ዘሎ ዝተዛበዐ ርድኢት? ብንቕሓት ምምዝዛን የድሊ።

**ካብ ክብሮም ከሰተ**

**ኣባል ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ( ደግሓኤ)**

24 ታሕሳስ 2024